Vide nr. 1:

| Norsk tekst i video | Oversatt tekst |
| --- | --- |
| [SPEAKER_00]<br>I serien om Foxtrot får vi innblikk i hvordan nettverkene oppfører seg når de har fått en tenåring på kroken.<br>Det bakmannen i dette klippet ikke vet, er at 13-åringen ikke er en 13-åring, men i virkeligheten en reporter i SVT.<br><br>[SPEAKER_01]<br>Du skal gjemme deg i skogen. Når du ser ham, går du bort og peprer ham.<br>Etterpå kommer vennene mine til å være der.<br>De tar våpenet fra deg.<br>Du har scooter (moped) og kjører til et sted.<br>Der skifter du, og så stikker du.<br><br>[SPEAKER_02]<br>Hva gjør jeg hvis jeg blir tatt eller noe sånt?<br><br>[SPEAKER_01]<br>Hør her, bror. Du er 13 år, ikke sant?<br><br>[SPEAKER_02]<br>Ja, bror.<br><br>[SPEAKER_01]<br>Jeg har planlagt dette godt. Du blir ikke tatt.<br><br>Men blir du tatt.. Du er 13 år. De kan ikke gjøre noe.<br>De sender deg til SIS. Du får eget rom.<br>Du får mat og drikke. Du kjøper snop, spiller | [SPEAKER_00]<br>ኣብቲ ፎክስትሮት ዝብሃል ተኸታታሊ ፊልም፡ እቶም መርበባት ንሓደ መንእሰይ ኣብ መጻወድያኦም ምስ ሓዙ እንታይ ከም ዝገብሩ ኽንርዳእ ይሕግዘና።<br>እቲ ኣብዚ ቍንጽል ቪድዮ ዘሎ ወዲ 13 ዓመት መሲሉ ዝቐረበ ሰብ ብሓቂ ወዲ 13 ዓመት ዘይኰነስ፡ ናይ SVT ቲቪ ሪፖርተር ምዃኑ ኣይፈልጥን እዩ።<br><br>[SPEAKER_01]<br>ኣብ ጫካ ክትሕባእ ኢኻ። ምስ ረኣኻዮ ናብኡ ኸይድካ ተኵሰሉ። ብድሕሪኡ ኣዕሩኽተይ ናብኡ ኽመጹ እዮም። ነቲ መሳርያ ካባኻ ክወስድዎ እዮም።<br>ላምብሬታ (ሞተር ብሽክለታ) ኣላትካ፣ ናብ ሓደ ቦታ ድማ ዘዊርካ ኽትከይድ ኢኻ።<br>ኣብኡ ኽዳውንትኻ ትቕይር፡ ድሕሪኡ ድማ ትኸይድ።<br><br>[SPEAKER_02]<br>እንተ ተታሒዘ ወይ ገለ ነገር እንተ ኣጋጢሙኒ እንታይ ክገብር እየ፧<br><br>[SPEAKER_01]<br>ስማዕ ዝሓወይ። ወዲ 13 ዓመት ኢኻ ሓቀይ፧<br><br>[SPEAKER_02]<br>እወ፡ ዝሓወይ።<br><br>[SPEAKER_01]<br>ነዚ ጽቡቕ ገይረ እየ ነዚ መደብ ኣውጺአዮ። ኣይትተሓዝን ኢኻ። |

| | |
|---|---|
| fotball. Det er som en fritidsgård.<br><br>[SPEAKER_00]<br>Får de noensinne betalt en halv million?<br><br>[SPEAKER_03]<br>Aldri som jeg har hørt. | እንተ ተታሒዝካ ግን … ወዲ 13 ዓመት ኢኻ። ዋላ ሓንቲ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም።<br>ናብቲ ናይ መንእሰያት መጽንሒ ማእከል (SIS) እዮም ክሰዱኻ።<br>ናይ ገዛእ ርእስኻ መደቀሲ ኽፍሊ ትረክብ።<br>መግብን መስተን ትረክብ።<br>ካራሜላ ትገዝእ፣ ኩዕሶ እግሪ ትጻወት። ልክዕ ከም ማእከል መዘናግዒ መንእሰያት እዩ።<br><br>[SPEAKER_00]<br>ብሓቂ ፍርቂ ሚልዮን እተኸፍሉ ኣለዉ ድዮም፧<br><br>[SPEAKER_03]<br>ክሳዕ እቲ ዝፈልጦ፡ ፈጺሞም የለውን። |

Video nr. 2:

| Norsk tekst i video | Oversatt tekst |
|---|---|
| [SPEAKER_00]<br>Da skal vi gå inn i en konkret meldingsutveksling som du har tatt med deg.<br>For det er ikke bare penger, status og makt som lokker disse barna inn i gjengkriminaliteten på Vats.<br>Hva mer enn det kan være snakk om?<br><br>[SPEAKER_01]<br>Dette er en 15-åring som har blitt rekruttert til å begå to drap i Stockholm.<br>Utdraget er hentet fra bevismaterialet til | [SPEAKER_00]<br>ሕጂ ሒዝካዮ ዝመጻእካ ናይ መልእኽቲ ምልውዋጥ ክንርኢ ኢና።<br>ምኽንያቱ ነዞም ቈልዑ ኣብ ቫትስ ናብ ናይ ገበን ጕጅለ ዝስሕቦም ገንዘብ፡ ደረጃን ሓይልን ጥራይ ኣይኰነን።<br>ካልእ ብዛዕባ እንታይ ክኸውን ይኽእል፧<br><br>[SPEAKER_01]<br>እዚ ኣብ ስቶክሆልም ክልተ ቅትለት ንምፍጻም ዝተመልመለ ወዲ 15 ዓመት እዩ።<br>እቲ ቍንጽል ዝርርብ ካብቲ መርመራ ዝገብር ዘሎ ፖሊስ ዝረኸቦ መርትዖ እተወስደ እዩ። |

| | |
|---|---|
| politiet i etterforskningen.<br>Hvor 15-åringen snakker med sin rekrutterer.<br>Dialogen kan gi oss bra innsikt i hva rekruttering kan handle om.<br><br>[SPEAKER_00]<br>Så la oss se på hva de skriver.<br><br>[SPEAKER_01] Leser opp en meldingshistorikk:<br><br>Gutten kaller sin rekrutterer for storebror, og det er storebror som åpner opp dialogen med å si kjærlighet.<br>Du er veldig spesiell for meg, så svarer 15-åringen.<br>Du er som en pappa som jeg aldri har hatt, husk det.<br>Har aldri sagt det til noen.<br>Du har tatt vare på meg, dritt i penger og alt det der.<br>Du har vært der for meg, mer enn noen i hele mitt liv, bror.<br>Så svarer storebror, min elskede bror, jeg skal være en storebror for deg, prøve å ta vare på deg så godt jeg kan.<br>Og 15-åringen sier, jeg setter pris på det, bror, mer enn jeg kan vise med ord.<br>Lojalitet er det eneste jeg kan, lojalitet og vold. | እቲ ወዲ 15 ዓመት ምስቲ ዝመልመሎ ሰብ እዩ ዝዛረብ ነይሩ።<br>እቲ ዝርርብ ብዛዕባ ምልመላ እንታይ ከም ዝመስል ኣገዳሲ ሓበሬታ ይህበና እዩ።<br><br>[SPEAKER_00]<br>ስለዚ፡ እንታይ ከም ዝጸሓፉ ንርአ።<br><br>[SPEAKER_01] ካብቲ እተጻሕፈ መልእኽትታት የንብብ፡-<br><br>እቲ ወዲ ነቲ ዝመልመሎ ሰብ ከም “ዓቢ ሓዉ” ገይሩ እዩ ዝጽውዖ፣ እቲ ዓቢ ሓው ተባሂሉ ዘሎ ድማ ነቲ ዝርርብ ብፍቕሪ ይጅምሮ።<br>እቲ ወዲ 15 ዓመት መንእሰይ፡ ንዓይ ኣዚኻ ፍሉይ ሰብ ኢኻ ኢሉ ይምልሰሉ።<br>ንስኻ ከም ሓደ ረኺበዮ ዘይፈልጥ ኣቦ ከም ዝኾንካ ዘክር።<br>ንዋላ ሓደ ሰብ ከምኡ ኢለዮ ኣይፈልጥን።<br>ንስኻ ኢኻ ተኸናኺንካኒ፣ እቲ ገንዘብን ካልእ ነገራትን ረስዓዮ።<br>ኣብ ምሉእ ህይወተይ ልዕሊ ማንም ኣብ ጎድነይ ኔርካ ሓወይ።<br>ሽዑ፡ እቲ ዓቢ ሓው፡ ፍቑር ሓወይ፡ ዓቢ ሓው ክኾነልካ እየ፣ ብዝተኻእለኒ መጠን ክኣልየካ ክጽዕር እየ።<br>እቲ ወዲ 15 ዓመት ድማ፡ ካብቲ ብቓላት ክገልጾ ዝኽእል ንላዕሊ፡ ነዚ ኣዝየ እየ ዘድንቖ።<br>ተኣማንነት እቲ እንኮ ዝገብሮ ነገር እዩ — ተኣማንነትን ዓመጽን።<br>ሽዑ እቲ ዓቢ ሓው ይምልስ። |

| | |
|---|---|
| Så storebror svarer, da.<br>Det eneste jeg krever tilbake, er lojalitet.<br>Og jeg vet nå hva du står for, jeg kommer alltid til å være der for deg.<br>Og 15-åringen sier, nesten oppglødd, skal vise hele Sverige hvem jeg er.<br>Nyhetene skal bli min beste venn. | እቲ ካባኻ ዝደልዮ እንኮ ነገር ተኣማንነት ጥራይ እዩ።<br>ሕጂ ድማ ጽቡቕ ፈሊጠካ ኣለኹ — ኵሉ ሳዕ ኣብ ጎድንኻ ክኸውን እየ።<br>እቲ ወዲ 15 ዓመት ድማ ዳርጋ ተሓጒሱ፡ ንኹላ ሽወደን መን ምዃነይ ከርእያ እየ ይብል።<br>ኵሉ ዜና ድማ ብዛዕባይ ክዛረብ እዩ። |